# Till dig som har positivt IGRA-test, tigrinja

ፖዝቲቭ ናይ IGRA ምርመራ ውጽኢት እንተለካ

ኣብ ነርወይ ገለ ጉጅለታት ከም ልምዲ ብIGRA ደም ምርመራ ናይ ቲቢ (Tuberculosis) ይገብሩ።

ፖዝቲቭ ናይ IGRA ውጽኢት ማለት እንታይ ኢዩ?

ውጽኢት ምርመራ ፖዝቲቭ IGRA ኮይኑ ማለት ብቲቢ (Tuberculosis) ተለኺፍካ ኣለኻ ማለት ኢዩ። እዚ ግና ሓሚምካ ኣለኻ ማለት ኣይኮነን። ከባቢ 1/3 ህዝቢ ዓለም ፖዝቲቭ ናይ IGRA ምርመራ ውጽኢት ክህልዎም እንከሎ ብሕማም ቲቢ (Tuberculosis) ግና ዘይተጠቕዑ ምኧኖም ይእመን። እዚማለት ድማ ሕቡእ ቲቢ (latent Tuberculosis) ኣለዎም ማለት ኢዩ።

ብከላ ሕቡእ ቲቢ (latent Tuberculosis) ሓደገኛ ዲዩ?

ሓደ ውልቀ ሰብ ግዳይ ብከላ ሕቡእ ቲቢ (latent Tuberculosis) ምሰ ዝኸውን ኣብ ዕምሩ ብቲቢ (Tuberculosis) ክልከፍ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ፣ ከባቢ 1 ካብ 20 ሰባት በዚ ብከላ ግዳይ ይኮኑ። ድሕሪ ምብካልካ ወይ ብዝተፈላለየ ሕማማት (ንኣብነት ከም ኢንፌክሽን ኤችኣይቪ) ወይ (ካንሰር/ ) ስርዓተ ምኽልካልካ ምስ ዝደክም ብቲቢ ክትልከፍ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ ኢዩ። ንቲቢ (Tuberculosis) ሕክምና ኣለዎን በዚ ድማ ብዙሓት ተፈዊሶምን እዮም።

ንካልእ ሰብ ክልብድ ይኽእልዶ?

ሓደ ውልቀ ሰብ ግዳይ ብከላ ሕቡእ ቲቢ (latent Tuberculosis) ምስ ዝኸውን ሕሙም ኣይኮነን ክብክል ውን ኣይክእልን

ሕክምና የድልየኒዶ?

ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ምዕባለ ቲቢ ንምዕጋት መከላኸሊ ሕክምና ከድሊ ይኽእል። እዚ ብሓኪምካ ዝውሰን ጉዳይ እዩ። እዚ ዓይነት ሕክምና ብፍላይ ሓደሽቲ ንዝተለኽፉ፣ ንህጻናትን ስርዓተ ምኽልካል ሰብነቶም ዝተዳኸሙ ሰባትን ኣገዳሲ እዩ።

ክፈልጦ ዝግበኣኒ ኣሎ ዲዩ?

ፖዝቲቭ ናይ IGRA ምርመራ ውጽኢት ኣለካ ማለት ኣነባብራኻ ብዝኾነ መልክዑ ክትቅይር ኣለካ ማለት ኣይኮነን፣ ይኹን እምበር ክትሓምም እንከለኻ ንሓኪምካ ኣወንታ/Postive IGRA/ብከላ ሕቡእ ቲቢ(latent Tuberculosis) ከም ዘለካ ሓብር፣ እዚ ድማ ግቡእ ሕክምና ክትረክብ የኽእለካ። እዚ ድማ ምልክታት ቲቢ ምስ ዝረኣዩኻ ተግባራዊ ይኸውን:: ንሳቶም ድማ:

- ንነዊሕ ግዜ ምስ ዘስዕለካ (ልዕሊ 3 ሰሙን )
- ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሐ ረስኒ
- ምሸት ምሸት ረሃጽ
- ክብደት ምንካይ

ዝያዳ ሓበሬታ ኣበይ ይረክብ?

http://www.folkhalsomyndigheten.se/amnesomraden/smittskydd-och-sjukdomar/smittsamma-sjukdomar/tuberkulos-tbc/

Mats Erntell
Smittskyddsläkare
Region Halland

Smittskydd Halland
Hallands sjukhus Halmstad
301 85 Halmstad

Tel. 035-13 16 07
Fax: 035-13 16 08

smittskydd@regionhalland.se
www.regionhalland.se/smittskydd